ደደቢት ትካል ልቓሕን ዕቋርን ኣ/ማ ናይ ኤሌክትሪክ መካይን ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ስለ ዝደሊ ነቲ ተዘርዚሩ ዘሎ ቋሒታት እተማልኡ ትካላት ንክትወዳደሩ ይዕድም።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሓሙስ መጋቢት 24, 2018 ( ቅድሚ 2 ወርሒ)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሚያዝያ 6, 2018 4:00 ቅ/ሰዓት (ሓሊፉ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:2%
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:2000
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሚያዝያ 6, 2018 4:35 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ዕድጊት መኪና/

ምልክታ ጨረታ

ደደቢት ትካል ልቓሕን ዕቋርን ኣ/ማ ናይ ኤሌክትሪክ መካይን ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ስለ ዝደሊ ነቲ ተዘርዚሩ ዘሎ ቋሒታት እተማልኡ ትካላት ንክትወዳደሩ ይዕድም።

1. ተጫረቲ ናይ መቅረባይ ፍቓድን ናይ ግብሪ ከፋላይ መፍለይ ቁፅሪ /TI/ ከቕርቡ ዝኽእሉን ከምኡ እውን ናይ 2018 ዓ.ም ሕጋዊ ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቓድ ዘለዎም፣ ቫት ተመዝገብቲ ምኳኖም መረዳእታ ክተቕርቡ ዝኽእሉ ክኾኑ ኣለዎም።

2. ተጫረቲ ካብ ዘቕርብዎ ጠቕላላ ዋጋ ካብ 2% ዘይነኣሰ ናይ ጨረታ መኽበሪ ኣብ ፋይናንሻል ትካላት ሕጋውነቱ ዝተረጋገፀ CPO ብፖስታ ዓሺጎም ከቕርቡ ይግባእ።

3. ዝርዝር ዝሓዘ ደኩመንት ካብ ዕለት 24/07/2018 ዓ.ም ጀሚሩ ካብ ደደቢት ትካል ልቓሕን ዕቋርን ኣ/ማ ጨንፈር ሓወልቲ ዘይምለስ ብር 2000 /ክልተ ሽሕ ብር/ ጥራሕ ብምኽፋል ኣብ ስራሕ ሰዓት ክትወስዱ ትኽእሉ፣

4. ናይ ጨረታ መኽበሪ ዘየቕረበ ተጫራቲ ካብ ጨረታ ዝስረዝ ምኳኑ ክፈልጥ ይግባእ።

5. ናይ ጨረታ ውፅኢት ከይተፈለጠ ንባዕሉ ካብ ጨረታ ዘግለለ ተወዳዳሪ ንጨረታ መኽበሪ ዘትሓዞ ገንዘብ ናብ ትካል ኣታዊ ከም ዝግበር ክፈልጥ ይግባእ።

6. ተጫረቲ ነቲ ዝተሓተተ ንብረት ዝተዳለወ ስፔስፒካሽን መሰረት ከቕርቡ ይግባእ። ካብ እስፔስፒካሽን ወፃኢ ቅድመ ኩነት ምቕራብ ይኹን ካብ ስፔስፊኬሽን ወፃኢ ምቅራብ ኣይፍቀድን

7. ጨረታ ዝኽፈተሉ ዕለት 6/08/2018 ዓ.ም ኮይኑ ሰዓት 4:00 ናይ ንጉሆ ናይ ጨረታ ሳንዱቕ ተዓፅዩ በቲ ዕለት ሰዓት 4:30 ናይ ንጉሆ ተጫረቲ ወይ ወኪሎም ኣብ ዝተረኽብሉ ኣብ ዋና ቢሮ ደደቢት ትካል ልቓሕን ዕቋርን ኣ/ማ ኣብ 4ይ ደብሪ ክፍሊ ፋይናንስ ይኽፈት። ተጫረቲ ብኣካል እንተዘይተረኽቡ እውን እቲ ሰነድ ሕጋውነቱ ክሳብ ዝተረጋገፀ እቲ ዝኣተወ ሰነድ ጨረታ ኩሉ ዝክፈት ይኸውን።

8. ስዓሪ ጨረታ ውፅኢት ጨረታ ተፈሊጡ ሰዓሪ ምኳኑ ካብ ዝተነገረሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ 5 ተኸታታሊ መዓልትታት ናብ ክፍሊ ዕደጋን ንብረት ምምሕዳርን ቀሪቡ ውዕል ክኣስርን ናይ ጠቕላላ ዋጋ 10% ናይ ስራሕ ኣፈፃፅማ ውሕስና /unconditiona Performance bond/ ከትሕዝን ይግባእ።

© *መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ።* 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

9. በቲ ኣብ ተራ ቁዕሪ 8 ዝተገለፀ መሰረት ኣብ ውሽጢ ሓሙሽተ ተኸታታሊ መዓልትታት ናብ ትካል ቀሪቡ ውዕል ዘይኣሰረን ብባንኪ ዝተረጋገፀ 10% ናይ ፅቡቕ ስራሕ ኣፈፃፅማ ውሕስና ዘየቕረበ ስዓሪ ጨረታ እቲ ንጨረታ መኽበሪ ዘትሓዞ 2%ናብ ትካል ኣታዊ ከም ዝግበር ክፈልጥ ይግባእ።

10. ትካል ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኹን ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፣

11. ተወሳኺ ሓበሬታ እንተድልዩ ኣብ ዋና ቢሮ ደደቢት ትካል ልቓሕን ዕቋርን ኣ/ማ ሳልሳይ ደብሪ ቢሮ ቁፅሪ 313 ብኣካል ብምቕራብ ምርካብ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle